ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

---

## ደጊም ንእሱራት ተባሂሉ ዝስላዕ ባጀት ከምዘየሎን

## ነፍሲወከፍ ስድራቤት ንእሱር ወገኖም ንምቅላብ ወርሓዊ 500 ናቕፋ ክኸፍሉ ከምዘለዎምን ህግደፍ ንስድራቤት እሱራት መምርሒ ሂቡ

ሓንቲ ሃገር ንምዕባለን ፤ ሰላምን ፤ ቅሳነትን ናይ ህዝባ እትሓልይን እትሰርሕን ምስ እትኸውን ፡ ወግሐ ጸብሐ ብቐጻሊ ንህዝባ ዝጠቕሙ ጽፉፋትን ቅርጡዋትን ዝኾኑ ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ባህታን ደስታን ዝፈጥሩ ኣዋጃት ከትእውጅን ኣብ ተግባር ከተውዕልን ምስ ግዜ እናተቐዳደመት ጸሓይ ክዓርባ እንከሎ ፡ ብኣንጻሩ ኸኣ እቲ በስገዳድን ምጭፍላቕን ብናይ ክፍኣት ውዲትን መዳርግቲ ኣልቦ ዝኾነ ሰይጣናዊ ስርዓት ህግደፍ ፡ ወግሐ ጸብሒ ኩሉ ዓመት መጸ ኣብ'ቲ ዝተሞኮረሉ ናይ ክፍኣት ዓውዲ ክራቐቕን ሓደስቲ ንህዝቢ ኩርኳሕ ዝፈጥሩን ዘሸግሩን ውዲታት ክኣልምን በብዓመቱ ብተንኮል ዝተላዕጠጡ ኣዋጃት ክእውጅን ይርከብ።

ስርዓት ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ኣይሓልይን ጥራይ ዘይኮነስ ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ረብሓኡ ክብል ከም ቀለብ እቶን ናብ ሓዊ መጋርያ ምድርባይ ዘድልየሉ ኩነት እንተዝፍጠር ውን ፡ ዓይኑ ከይሓሰየ ምደርበዮም ጥራይ ዘይኮነ ፡ ነቲ ኣብ ሓዊ መጋርያ ኣትዮም ዝሳቐይዎ ስቓይ ውን መስተማቐሮን ስኑ ገይጹ ምሰሓቐሉን ነይሩ'ዩ።

ህግደፍ ሎሚ ድማ እንሆ ከም ኣመሉ ከምቲ ዓመት-መጸ ንህዝቢ ዘልመዶ ነውራም ኣዋጃቱ ፡ ኣብ'ዚ ሎምቅነ ዝሓለፈ በዓል ፋሲካ ውን ፡ ዝኮነ ኣብ ባንኪ ሕሳብ ዘለዎ ሰብ ካብ ባንኪ ልዕሊ 5000 ናቕፋ ከየውጽእ ከይሓፈረ ብኣዋጅ ምኽልካሉ ንሓፋሽ ዝሰንበደን ዘስደመመን ዜና ኮይኑ ቀንዩ ኣሎ ።

ብኻልእ ሸነኽ ውን ፡ ህግደፍ ነቶም ኣብ እስሪቤት ዝርከቡ እሱራት ደጊም መግቢ ከምዘይቅልቦም ብምሕባር ፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ እሱር ስድራቤት ወርሓዊ 500 (ሓሙሽተ ሚእቲ ናቕፋ) ናብ'ቲ ናይ ቤት ማእሰርቲ ምምሕዳር ክትከፍል ከምዘለዎ ብምሕባር ፡ ስድራ ቤቶም ዘይከፈሉሎም እሱራት ብጥሜት ዝኣክል ንዘጓንፎም ሕማምን ሞትን ተሓታቲ ከም ዘይኮነ ሓቢሩ ከምዘሎ ካብ ዓዲኺላ ዝረኸብናዮ ምንጪ ይሕብር።

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ክፍሊ ዜና 24/4/2014